ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ                    الجبهة الديمقراطية الشعبية الإريترية

# ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC FRONT

## <u>ጀጋኑ ኣሃዱታት ህደግኤ</u>
## <u>ተደጋጋሚ ናይ ጸላኢ መጥቃዕትታት ብምፍሻል</u>
## <u>ከቢድ ክሳራ ኣሰኪሞም</u>

ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝባዊ ቃልሲ ንምዕፉንን ንምድኻምን ኣረሜናዊ መደባት ብምውጻእ፡ ፍሉይ ናይ ቅትለትን ዓፈናን ኣሃዱታት ብምዉዳብ፡ ናይ ተቓወምቲ ዉድባት ምንቅስቓስ ንምዕጋትን ተጋደልተን ንምድምሳስን ዝዓለመ ርኹስ ዕላማ ንምትግባር ኣብ ምርብራብ ይርከብ ምህላዉ ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ እዩ። ከም ጭቡጥ መግለጺ ናይዚ ጸረ ህዝቢ ተግባራት'ዚ ድማ፡ ጸላኢ ሓደ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ጊዜ ኣብ ልዕሊ ጀጋኑ ኣሃዱታት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ) ክልተ ጊዜ ፍሹል መጥቃዕትታት ኣካይዱ፡ ኣብ ክልቲኡ ከቢድ ክሳራ ተሰኪሙ ከም ዝወጸ ወተሃደራውን ጸጥታውን ቤት ጽሕፈት ህደግኤ ኣረጋጊጹ። እቲ "ብሂወቶም ወይ ሬሳኦም ሒዝካ እንተ ዘይመጺእካ..." ብምባል ኣፈራሪሑ ዝለኣኾ ናይ ቅትለት ዕሱብ ኣሃዱታቱ ድማ፡ ከምቲ ዝተባህሎ ክገብር ኣይከኣለን። ኣብቲ ብዕለት 22 ነሓሰ 2006 ኣብ ከባቢ ንኡስ ዞባ ጾሮና፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብቲ ከባቢ ናይ ፖለቲካን ፕሮፖጋንዳን ህዝባዊ ስራሓት ዘካይድ ዝነበረ ኣሃዱና ዘካየዶ ፍሹል መጥቃዕቲ፡ ጅግና ወዲ ህዝቢ ኣሃዱና ዝፈነወሎም ዉሕሉል ናይ ጸረ-መጥቃዕቲ መልሲ ክጻወርዎ ስለ ዘይከኣሉ፡ ናይ ከቢድን ፈኲስን ናይ መቑሰልቲ ክሳራን ፍሽለትን ተሰኪሞም ናብቲ ዝመጽዎ ብህድማ ዘርጠብጠብ እናበሉ ክምለሱ እዮም ተገዲዶም።

ጸላኢ እዚ ናይ ጥፍኣት ወፍሪ'ዚ ከካይድ ዝኸኣለ፡ ከምቲ ልሙድ ስርሑ፡ ናይ ጀጋኑ ኣሃዱታትና ምንቅስቓስ ንምዕጋትን ኣብ ልዕሊኦም ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ንምውሳድን ጥራሕ'ውን ኣይነበረን። እንታይ ደኣ፡ ኣቐድም ኣቢሉ ብዕለት 30 ሓምለ 2006 ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ይንቀሳቐስ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ኣሃዱና ብተመሳሳሊ "ብሂወቶም ወይ ብሬሳኦም" ኢሉ ዘዋፈሮ ናይ ቅንጸላ ኣሃዱታቱ ብጀጋኑ ኣሃዱታትና ተመኪቱን ከቢድ ክሳራ ተሰኪሙን ስለ ዝነበረ፡ ነዚ ፍሽለትን ክሳራን'ዚ ንምክሕሓስ ዝዓለመ'ውን እዩ ነይሩ። ጸላኢ ብፍላይ ኣብዚ መጥቃዕቲ'ዚ፡ ነቲ ናይ ፖለቲካን ፕሮፖጋንዳን ዕማም ሒዙ ኣብ ከባቢ ነድወ እትበሃል ዓዲ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ኣሃዱ ንምድምሳስን "ሰዳድ ወረ ዘይብሎም ንምቁጽጻርን" ዝዓለመ መደብ ብምውጻእ፡ ኣብቲ ግንባር ካብ ዝርከብ ሓይልታቱን ናይ ስለያ ኣሃዱታቱን ዝተዋጽኡ ኣርባዕተ ጋንታታት ብምውፋር ዝፈተኖ መጥቃዕቲ ብምንባሩን፡ ብጀጋኑ ኣሃዱታትና ተበዲሁ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ከቢድ ናይ ሞትን መቑሰልትን ክሳራ ወሪዱዎ ብፍሽለት ክሃድም ዝተገደደሉን ናይ ልዕሊ ፍርቂ ሰዓት ግጥምያ እዩ ነይሩ። ኣብ መስርዕ ጸላኢ ካብ ዘጋጠመ ክሳራ፡ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ክቑስሉ እንከለዉ፡ ሰለስተ ወተሃደራት ብዘጋጠሞም መውጋእቲ ከም ዝሞቱ'ውን ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ጸላኢ ነቲ ክሳራን ፍሽለትን ዘጋጠሞ ፍሉይ ኣሃዱታቱ ካብቲ ከባቢ ኣርሒቑ ከስፍሮ ከም ዝተገደደ ተረጋጊጹ እዩ።

ጸላኢ፡ ነቲ ዳሕረዋይ ናይ 22 ነሓሰ 2006 ፍሹል ናይ መጥቃዕቲ ፈተነኡ፡ ካብ'ቶም ኣቐዲሞም ፍሽለት ዘጋጠሞምን ካልኦት ኣሃዱታትን ብምዉጻእ ብዝተወደበ ኣሃዱታት ዘካየዶ መጥቃዕቲ እዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር ጸላኢ ኣብ ክልቲኡ ፈተነታቱ ዝሓሰቦ፡ ንጀጋኑ ኣሃዱታትና "ብሂወቶም ወይ ብሬሳኦም" ናይ ምሓዝ ወፍርታቱ ክሰምረሉ ኣይከኣለን።

*ፖለቲካውን ፕሮፖጋንዳውን ቤ/ጽ ህደግኤ*
25/08/2006